እንቋዕ ናብቲ ሕዙእ ተፈጥሮኣዊ ቦታ ብደሓን መጻእኩም

ስቶርፉሸን

ትግርኛ

እቲ ኣብ ፒተዮኤልሸን ዘሎ ዓቢ መንጪዕጫዕታ ወይ ስቱርፉሸን፡ ሓደ ካብቶም ናይ ኤውሮጳ ዝዓበዩ መንጪዕጫዕታ እዩ። ኣብቲ ሕዙእ ናይ ተፈጥሮ ቦታ፡ መገድታት ኣጋርን መእነዲታት ሓውን ኣለዉ። ገሊኦትም ድማ ነቶም ብዓረብያ ስንኩላን ዚንቀሳቐሱ ተባሂሎም እተዳለዉ እዮም። ኣብ ግዜ ሓጋይ፡ ከፈን ናይ ደገ ስነጥበባዊ መድረኽን ኣሎ። ኣብቲ ገማግም ባሕሪ ድማ ብዙሓት ዕምባባታትን ኣዕዋፍን ኣለዉ።



ኣብ በሪኽ መድረኽ ደዪብካ ጥቓቲ ዚዓፍር መንጪዕጫዕታ ትመጽእ። ፎቶ፡ ናይ ወረዳ ኖርቦተን ምምሕደር ቦርድ

ታሪኽ ስቱርፉሸን

ደቅሰብ ኣብ ኩሉ ዘመናት ንወሓይዝን ገማግሞምን ከም መግፈፍ ዓሳ፡ መንበሪ ከምኡውን መጎዓዝያ ይጥቀሙሉ ነይሮም። ኣብቲ ከባቢ ስቱርፉሸን እውን ናይ ጥንታዊ ዘመናት ኣሰራት ይርከቡ እዮም። ክሳዕ 1982 ኩባንያታት ዕንጸይቲ፡ ኣብቲ ወሓይዝ ጉንድታት የመላልሱ ነይሮም እዮም። እቶም ጉንድታት ክስዕ'ቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዚርከብ ናይ ዕንጸይቲ ፋብሪካ በቲ ፈለግ ይጎዓዙ። እቶም ኣጉናድ ምእንቲ ብቐሊሉ ኪሓልፉ፡ ኣብቲ መንጪዕጫዕታ 'መናድቐ' ተሰሪሑ ነይሩ። ክፋል ናይቲ ፈለግ ናብ ካልእ ገጹ ከም ዚጥወ ብምግባር፡ እቲ መንጪዕጫዕታ እናጸበበ ከይዱ። ኣብቲ ከም "ምዉት መንጪዕጫዕታ" ዚፍለጥ ማዩ ዝወደአ ከባቢ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ብማይ ዝለመጹ ቀጸላታት ክትንዓዝ ትኽእል። ኣብዝን ኣብትን እቶም ኣእማን በቲ ዚገላበጥ ማይ ተሓኒዞም፡ ኣብቶም ቀጸላታት፡ ከም "ዓበይቲ ዓታሩ" ዚፍለጡ ዓቢ ንኽላት ሰሪሖም ኣለዉ።







ህይወት ገማግም ወሓይዝ

ኣብ ክልቲኡ ወገናት ናይቲ መንጪዕጫዕታ ልሙዕ ጽሕዳዊ ዱር ኣሎ። ኣብኡ ኣብ መጀመርታ ሓጋይ እተፈላለዩ ዓጋማትን ዕምባባታትን ይዕምብቡ። ኣብ ወርሒ ነሓሰ፡ ኣብቲ ናይ ገማግም ዱር፡ ዓጋም ክትለቅም ትኽእል።

እቶም ወሓይዝ ካብቲ ጎቦታት ፍረታት ሒዞም ይመጽኡ። ስለዚ፡ ኣብቲ ሕጂ ዳርጋ ደሪቑ ዘሎ ርባ፡ ናይ ኣኽራን ዕምባባታት መሮር ይበቑኡ።

ናይ ፉሸን ኣከርባት

እዛ ጣቑስታ ወይ ናይ ማይ ጊሒ፡ ኣብ ፒተዮኤልሸን ትነብር። ዓሳ ገፊሑ ስለ እትነብር ኣብ ጥቓ'ቲ ብኽረምቲ ዘይረግእ መንጪዕጫዕታ እያ እትሰፍር። ውርጪ ምስ ዚወድቕ፡ ኣብቲ በረድ ኣሰራ ኪረአ ይኽእል።

ብፍላይ ኣብ ግዜ ክረምቲ እዛ ናይ ወሓይዝ ዑፍ ትርአ ኢያ። ንሳ ኣብቲ መንጪዕጫዕታ ኣትያ፡ ሓሳኹ ትለቅም።

ኣብ ላዕሊ፡ ናይ ዓጋም ዕምባባ. / Mats Fjellström. Strömstare. / E. Schön/N. ኣብ ታሕቲ፡ ናይ ማይ ጊሒ. Foto: Kenneth Johansson.

ጠቓሚ ተፈጥሮ


ስቱርፉሸን ሕዙእ ተፈጥሮኣዊ ቦታ ብ1971 እዩ ተመስሪቱ። ኣብቲ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት መርበብ ናቱራ Natura 2000 ድማ እቱው እዩ። ናይዚ ተግባር'ዚ ዕላማ፡ ነቲ ኣዚዩ ጠቓሚ ዝኾነ ህይወታውያን መንጪዕጫዕታን፡ ማይ ንዘመናት ዘሕደሮ ኣሰራትን ዝሓዘን ቦታ'ዚ ንምዕቃብ እዩ። ኣብቲ ሕዙእ ቦታ፡

ብዙሓት እንስሳታትን ኣታኽልትን ዘለዎ ናይ ገምገም-ባሕሪ ዱር ኣሎ። ኣብቲ ስቱርፉሸን፡ ሓበሬታን ናይ ጉዕዞ መገዲ እግርን፡ መናፈሲ ቦታን ኣሎ። ዝዓበየ ክፋል ናይቲ ቦታ፡ ንስንኩላን ዝምኾእ እዩ። ብዛዕባ ተፈጥሮ ጥንቁቃት ብምኻንን ጽፈቱ ብምሕላውን ነቲ ሕዙእ ቦታ ግሩም ኮይኑ ኪቕጽል ንሓሉዎ።

መምርሒታት

§ ከምዚ ዚስዕብ ምግባር ክልኩል እዩ፥

- መሬትን ቡቕልን ወላ'ውን ዝሞተ ኣም ምብልዓው።
- ኣብ እንሳታት ዚሰፍሩ ገረብ ደዪብካ ኮነ ኢልካ ምብልዓው።
- ካብቲ መእነዲ ቦታ ወጻኢ ሓዊ ምእጋድ።
- ምጉሓፍ።
- ተንዳታት ምትካል
- ካብቲ መደበኛ መገዲ ወጻኢ፡ ተሽከርካሪ ምዝውታር።
- ካብቲ ናይቲ ወረዳ ምምሕዳር ቦርድ ፍቓድ ከይተዋህበካ፡ ፈረስ ምውጣሕ።
- ካብቲ መደበኛ መገዲ ወጺእካ፡ ብሺግለታ ምዝዋር።



ሽወደናዊ ህዝባዊ መሰል

መሰል ህዝባዊ ኣገልግሎት
ህዝባዊ መሰል ኪብሃል ከሎ፡ ኣብቲ ተፈጥሮኣዊ ቦታ ናጻ ኰንካ ክትጽንሕ መሰል ከም ዘሎካ ማን ከተባላሹ ወይ ክትጎድእ ከም ዘይብልካ ማለት እዩ። ኩሉ ሰብ ነቲ ሰፊኑ ዘሎ ሕጊ ኪስዕብ ሓላፍነት ኣለዎ።

ኣብ naturvardsverket.se/allemansratten ብእተፈላለየ ቋንቋ ዝተዳለወ ሓበሬታ ኣሎ።

ብድሓን ምጻእ፡ ንተፈጥሮ ድማ ተጠንቀቑሉ!

መግለጺ መገድን ተወሳኺ ሓበሬታን

ስቱርፉሽን ኣብ ኣልቭስቢን ኮሙን እዩ ዚርከብ። ካብ ኣልቭስቢን ብቲ መስመር 374 ጌርካ ንኣስታት 40 ኪ.ሜ ትጎዓዝ። ሽዑ ናይ መገዲ ታቢላታት ትረክብ።

ናይ ቱሪዝም ሓበሬታ: alvsbyn.se
ናይ ኖርቦተን ተፈጥሮ ካርታ (ብሽወደንን እንግሊዝን)

ኣመሓዳሪ

ናይ ወረዳ ኖርቦተን ምምሕዳር ቦርድ
www.lansstyrelsen.se/norrbotten

Länsstyrelsen
Norrbotten